# ምስጋር ካብ ቀዳማይ ደረጃ – ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

**ኣብ ስዊዘርላንድ ግቡእ ትምህርቲ 11 ዓመት እዩ ዝወስድ። እቲ ግቡእ ትምህርቲ ኣብ ቀዳማይ ደርጃን (ምስቲ ናይ 2 ዓመት መዋእለ ሕጻናት ሓዊስካ/መባእታ - ወይ መእተዊ ክፍሊ) ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃን እዩ ተመቓቒሉ ዝምደብ። ብዛዕባ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር ብትኽኽል ከመይ ከም ዝሳለጥ፣ ኣብ መብዛሕትኤን ቤት ትምህርታት ዘለዉ መምሃራን ከምኡውን ሰብ መዚ ቤት ጽሕፈታት ንወለዲ ኣብቲ እዋን ናይ መወዳእታ ክፍሊ ይገልጹ እዮም።**

## ብቕዓት

ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክሰግሩ ኸለዉ፣ እቶም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርእይዎ ብቕዓት ትምህርቲ፣ መጠነን ዝተፈላለያ ናብ ዝኾነ ደረጃታት ንኽምደቡ ወሳንነት ኣለዎ። ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ፣ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ድሕሪ ምውዳእ ክጅመር ዝከኣል፣ ናይ ነዊሕ ዘመን ጊምናዝዩም ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣሎ። ናብኡ ንምስጋር ናይ መእተዊ ኣገባብ ክፍጸም ስለ ዘለዎ፣ ብዙሓት ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ኣብ መቀራረቢ ኮርስ ይሳተፉ። ኣብ ሓደ ሓደ ዓድታት እዚ ኮርስ በተን ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበራት ይቕረብ እዩ፣ ኣብ ካልኦት ዓድታት ገንዘብ ዝኽፈሎ ውልቃዊ ዝኮነ ቀረባት ኣሎ።

## ደገፍ

መምህር ክፍሊ ቆልዓኹም፣ እቲ ብቐዳምነት መዛርብትኹም እዩ ከምኡውን ብዛዕባ ኣብ ማሕበር ምምሕዳር ዓድኹም ዘሎ ተወሳኺ ናይ ደገፋት ዕድላት ክሕብረኩም ይኽእል እዩ።

ኣብ ማሕበር ዓድኹም ዘሎ ሓደ ውድብ እውን ክድግፈኩም ይኽእል እዩ። መርበብ ሓበሬታ ስደተኛታት (WFM) ሓደ ካብ ፖለቲካን ሃይማኖትን ነጻ ዝኾነ ንመኽሰብ - ዘይሰርሕ - ውድብ እዩ፣ ናቱ መርበብ ሓበሬታ www.migraweb.ch ብዝተፈላለያ ቋንቋታት (ኣብ ጎኒ እቲ ብዙሓት ኣገደስቲ ተወሳኺ ሓበሬታት) ናይ ዝተፈላለያ ወጻእተኛታት ውድባት እውን ዝተዘርዘረ ሊስታ መራኸቢ ኣለዎ።